ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ብምኽንያት 24 ግንቦት 2010
# ዕለተ-ልደት ነጻነት ኤርትራ ዝወጸ መግለጺ

24 ግንቦት፡ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ፍሉይ ስፍራ ዘለዋ ኣብ ኤርትራዊ ሃገራውነት ብእምነ-ኩርናዕ እትግለጽ ነጥበ-መቐይሮ ታሪኽና'ያ፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣንጻር ተበራረይቲ ባዕዳውያን መግዛእታዊ ሓይልታት ንዘካየድዎ መሪር ሰላማውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብዘሐብን ኣንጸባራቒ ዓወት ዝተዛዘመላ፡ ውልደት ኤርትራውነትን ሓድሽ መድረኽን ዘበሰረት ክብርቲ ዕለት'ያ፡፡ 24 ግንቦት፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ፍርቂ ክፍለ-ዘመን ዝወሰደ መሪር ዝተናወሐን ሰላማውን ዕጥቃውን ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ዝኸፈልዎ ከቢድ ዋጋ መስዋእትን ዘርኣይዎ ሓያል ጽንዓትን ዓስቢ'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ከኣ፡ 24 ግንቦት ርእሰ-ደብሪ ሃገራዊ በዓላትና ብምዃና፡ ንመበል 19 ግዜኣ ክንጽንብላ እንኮለና ንመላእ ህዝብታት ኤርትራ ኪኖ'ቲ ነመሓላልፎ ናይ "ዮሃና" መልእኽቲ፡ ምእንቲ'ዛ ዕለት'ዚኣ ዝተኸፍለ ክቡር መስዋእቲ ዘሰከመና ሕልናውን ታሪኻውን ዕዳ ንምፍጻም ቃልና ዳግም ብምሕዳስ ክንጽንብላ ከምዝግባእ ጽኑዕ እምነት ውድብና ምዃኑ በዚ ታሪኻዊ ዕለት'ዚ ኣጽንኦት ሂብና ክነተሓሳስብ ንመርጽ፡፡

ህዝብታት ኤርትራ፡ ዓወት 24 ግንቦት ክውን ንምግባር ክቃለሱ እንከለዉ፡ ከም'ቲ ቀዳሞት ዝብልዎ "..ወጮ እንተገልበጥካዮስ ወጮ..." ዝዓይነቱ ንክኸውን ብፍጹም ኣይነበረን፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ንልዕሊ ፍርቂ ክፍለ-ዘመን ኣንጻር ተበራረይቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ስኖም ነኺሶም ዝተቓለሱን መዳርግቲ ዘይብሉ ዋጋ ዝኸፈሉን፡ ንኹሎም መልክዓት ወጽዓታት ብምውጋድ፡ ባና ሓድሽ ምዕራፍ ንምውላዕ'ዩ ኔሩ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ድቂ ፋሽስትነት ሓቑፉ፡ ኣብ ማህጸን ሰውራ ኤርትራ ዝዓበየ፡ ኣብ እንግድዓ ህዝብታት ኤርትራ ሰሪሩ በጃ ሓርነት ናይ ዝወደቑ ስውኣት ተሳጊሩ፡ ኣብ ልዳት ነጻነት ዝበጽሐ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንባህግታት ህዝብታትና ኣበርዒኑ ሕድሪ ሰማእታትና ጠሊሙ ዕድል ናይ'ታ ውልዶ ሃገር ክጽልምት ጌሩዎ'ዩ፡፡ ሎሚ ኣብ መበል 19 ዓመት ልደት መዓልቲ ነጻነትና 24 ግንቦት ኮይና ብምረት እነንብቦ ህልዊ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ ህያው ምስክር'ዩ፡፡

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ውሽጢ'ዚ 19 ዓመታት ዕድመ ስልጣኑ፡ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ህዝብታትና ብዘይንሕስያ ክጭፍልቆ ምጽንሑ፡ ንቐባሪ ከም ምርዳእ'ዩ ዝቑጸር፡፡ ናይ ህዝብታት ልኡላዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ብምምንዛዕ፡ ኣብ ትሕቲ ፍጹማዊ ምሕረት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ተገቢቱ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንስማዊ ህግደፋዊ ባይቶ ከይተረፈ ብምቕንጻል፡ ህዝብን ሃገርን ብዘይ ቅዋምን ሕግን ከም ውልቀ-ጥሪቱ ኣብ ማሕፍዱኡ ዓቲሩዎም ጸኒሑን ኣሎን፡፡ እቶም ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ጾር ሰውራ ዝተሰከሙ፡ ማእገሩ ኮይኖም ብርኪ ዘትከሉ፡ ምእንቲ ነጻነት ዝተጋደሉ ህዝብታት ኤርትራ፡ ብሂራዊ መንነቶምን ህላዊኦምን ተኻሒዱ፣ ሃይማኖታዊ ብዙሕነቶም ተናሽዩ፣ ጾታዊ ማዕርነቶም መቒመሪ ዕምሪ ስልጣኑ ጥራሕ ከገልግሎ ዝጣላዓሉን ዝባጭወሉን ቅሙጥ ርእሰ-ማሉ ኮይኑ'ዩ፡፡ እታ ህዝብታትና ዝብህጉዋ ንስሌኣ ብድርብን ንጽልን ክብጀዉላ ዓይኖም ዘይሓሰዩላ ኤርትራ፡ ሎሚ መንእሰያታ ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ተቐይራቶም፡ መጻኢ ዕድሎም ጸልሚቱ፡ ኩቦ ደርብዮም ዝስደዱላ፡ ዕድመ ንእስነቶምን ብሩህ ተስፈኦምን እተጸልምት ናብ ምድራዊት-ሲኦል ዝተቐየረት ሃገር ክትከውን ጌሩዋ'ዩ፡፡

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተኸተሎ እንዶ ዘይብሉ ማሕበረ-ቁጠባዊ ፖሊሲ፡ ውጽኢቱ ንሃገራዊ ቁጠባዊ የዕኑድ ብውሽጢ ውሽጢ ኣቖንቊኑ ሃገር ትሕቲ መስመር ድኽነት ክትጻኸር ፈሪድዋ'ሎ፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ብሕሱም ፋሽስታዊ ኣደራዓት ደም ዝጎስዕዎ ዘለዉ ከይኣኽሎም፡ ንሕሱም ጥሜትን ዓጸቦን ተሳጢሖም፡ ጉልባቦም ቀሊያም ኣብ ኣደባባያት ክልምኑ ዝተገደዱሉ ምኽንያት፡ ውጽኢት ግጉይ ፖለሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ዘጠራጥር የብሉን፡፡ ናይ ህዝብታትና ነባራትን ውርዙያትን ማሕበራዊ ክብርታት ተባሕጕጎም፡ ኣብ ቦትኦም ዕውልና፣ ወዲንነት፣ ዝሙትን ስክራንን ሳዕሪሮም'ዮም፡፡ እዞም ማሕበራዊ-ነውርታት ጽዑቕ መግለጺ ጸረ-ህዝቢ ባህርያት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ስርዓቱን ብምዃኖም፡ ህዝብታትና ንማእለያ ዘይብሉ ኣደራዓት ክሳጥሑ ኮይኖም'ዮም፡፡

እዚ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ፡ ካብ ጸረ-ሰላምን ጻሕታሪ ኵናትን ባህሪኡ ተበጊሱ ገና ኣብ ንእዲ ሕጹኖት እናሃለው፡ ኤርትራ ስግኣት ዝኾና ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኣብ ዘይነበረሉ ህሞት፡ ግዱድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ብምእዋጅ በትረ ስልጣኑ ክምስስ እንከሎ፡ ብሕሳብ ውልቀ ፖለቲካዊ ስልጣኑ፡ ንሕቡእ ጥሙሓቱ ንምርዋይ ዓሊሙ ምንባሩ ዝተሰወረ ኣይነበረን፡፡ እነሀለ ድማ ኣብ ውሽጢ'ዚ 19 ዓመታት መመላእታ መላምል መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሕቑፊ ስድራ-ቤታቶም እናመንዘዐ ብሽም ግዱድ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ባርነት ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎን ኣብ ወተሃደራዊ ኮምፖታት ጎቦታትን ጅሆ ሓይሩ ኣብ መጋርያ ርኽስ ናይ ጥፍኣትን ኲናት እቶን እናሳወረ ከጽንቶም ጸኒሑን ኣሎን፡፡ ብሰንኪ'ዚ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን ኲናት ብምጽሕታር፡ ኣማኢት ኣሽሓት መንእሰያት ኣደዳ ስንክልናን ሞትን ክኾኑ ፈሪዱዎም'ዩ፡፡ ጸጋታት ሃገር ኣብ ዘይፍትሓዊ ኲናት ክህንኮት ጌሩ'ዩ፡፡ ዓድታት ኣባዲሙ፣ ጥሪት ኣጽኒቱ፣ ህዝብታትና ናይ ኢዶምን ቆፎኦምን ነጊፎም ተመጽወቲ በተኻት ክኾኑ ፈሪዱዎም'ዩ፡፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ፍሉይ ኤርትራዊ ክውንነት ኢና እምበኣር፡ መበል 19 ዓመት መዓልቲ ነጻነትና ነብዕል ዘሎና፡፡

እዚ ልጓም-ኣልቦ ጸረ-ሰላም ባህርይ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጢ እናገበለ፡ ንደገ ድማ እናስፋሕፊሐን እናተጨንጎዐን ብምኻዱ፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዓውዲ ሓቀኛ ባህርኡ ክቃላዕን ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተገለለን፡ ኢሉ'ውን ከዳምን ኣሳሳይን ብግብረ-ሽበራ ናይ ዝጥርጠሩ ሓይልታትን መወልቶም ዝኾኑ መንግስታትን ኮይኑ ክሳብ ዝዕሰብ ጌሩዎ'ዩ፡፡ እዚ ፋሽስታዊ ባህሪ'ዚ ከይዱ-ከይዱ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሕምስ ብምጅማሩ ድማ፡ ብኣባላት ኢጋድ፣ ሕብረት ኣፍሪቃ፣ ዓረብ ሊግ ተደጋጋሚ ምሕጽንታታትን መጠንቀቕታን ክሳብ ዝበጽሖ ኮይኑ ምንባሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮና'ዩ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ንዝቐረበሉ ጠለባት ብኣወንታ ከተኣናግድ ዘይተዓደለ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ስርዓቱን ክንድ'ታ ናይ ኢዱ፡ ብውሳነ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ማዕቀብ ብይን ክውሰኖን ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዓውዲ ከቢድ ጽፍዒት ክወርዶን ኮይኑ'ዩ፡፡

ይኹን ደኣ'ምበር ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ምሕጽንታን ውሳነ ማዕቀብ ባይቶ ጸጥታን ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ሰገጥ ኣየበሎን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ'ቲ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምሕማስ ሕዱር ሕማሙ ተበጊሱ ሓደገኛ ኣንፈት ሒዙ ይጓዓዝ ምህላዉ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ሎሚ ጋህዲ ኮይኑ'ሎ፡፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ናይ ጸላኢየይ ጸላኢ….. ብዝብል ፋሽስታዊ ሽሕጣን፡ ምስ'ቶም ኣብ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና እምነት ዘይብሎም፡ ሎሚ'ውን ብሽም ሕጋውን ሰላማውን መንገዲ፡ "ኢትዮጵያ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ክትረክብ ኣሎዋ" ኢሎም ዝጭርሑ ዘለዉ ተረፍ-መረፍ ትምኽሕተኛ ሓይልታት ኢትዮጵያ ተሻሪኹ፡ ጽባሕ ኣብ ልዕሊ ልኣላውነት ኤርትራ ክመጽእ ንዝኽእል መዘዛት ዕሽሽ ብምባል፡ ንናይ ኢትዮጵያ ሃገራውን ክልላውን መረጋ ንምትዕንቃፍ ብምሕላን፡ ፈታውራሪ ናይ ጥፍኣት ሓይሊ ብምዃን ብዕሙት ትምክሕታዊ ባህርያቱ ተነዲሐ ብቓልዕ ወፈሩ ምህላው ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ እዚ ሓደገኛ ኣንፈት'ዚ ኣብ ድሮ'ዚ ታሪኻዊ ጽንብል ነጻነትና ብምዃኑ ከኣ፡ እቲ "ንነጻነት ኤርትራ ዋሕሱ ኣነ'የ" ክብል ብጉልባብ ልኡላውነት ዝመጻደቕ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ስርዓቱን ፖለቲካዊ ኣመንዝራታት ምዃኖም ዘቃለዐ፡ ብህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝቋመሩ ጸረ-ሓቀኛ ልኡላውነትን ነጻነትን ምዃኖም ዕርቃኖም ኣብ ዝወጽኣሉ እዋን ኮይንና ነብዕላ ኣሎና።

ብኣጠቓላሊ ሎሚ መበል 19 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ 24 ግንቦት እነብዕለሉ ዘለና ወቕቲ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብዝተኸተሎ ውሽጣውን ግዳማውን ጸረ-ሰላምን ጸረ-ደሞክራስን ፋሽስታዊ ፖሊሲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ብዝለዓለ ደረጅኡ ኣብ ዝዝንብየሉ እዋን ኮይና ኢና፡፡ ናይ'ዚ ሓደጋ'ዚ ተሓታቲ ብኹሉ መኣዝናቱ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ስርዓቱን ጥራሕ ምዃኖም ሰገጥ ከይበልና እንምስክሮ ሓቒ'ዩ፡፡

መበል 19 ዓመት መዓልቲ ነጻነትና ዝበዓለሉ ዘሎ እዋን፡ ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ብዕዉት 5ይ ውድባዊ ጉባኤኡ ብታሪኻዊ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ተጸንቢሉ ኣብ ዝወጻሉ ጽባሕ እዩ። ውድብና ብመንገዲ ዕውት 5ይ-ውድባዊ ጉባኤኡ ኣቢሉ፡ እቶም ንህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ረብሓታቶም ዘረጋግጹ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታቱ ዳግም ብምሕዳስ፡ ህሉው ኩነታት ህዝብታት ኤርትራ ብምግምጋምን ከቢቡና ዘሎ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ኣብ ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና ዘለዎ ጽልዋ ብምግንዛብ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ፡ እቲ ዝተመረጸ ኣገባብ ቃልሲ፡ ድሕሪ ዝተናውሐ ውሕሉል ፖሎቲካዊ፣ ውደባውን ዲፕሎማስያውን ቃልሲ ብዝውላዕ ሰፊሕ ህዝባዊ ዓመጽ ምዃኑ ብዕግበት ኣብ ቅኑዕ መደምደምታ በጺሑ ኣሎ። ብተወሳኺ ኣብ ሕቶ ሓድነትን ምሕዝነትን ሓይልታት ተቓውሞ፡ ካብ ወጋሕትኡ ዝጸንሖ ጽኑዕ መትከላዊ እምነት ኣብ ቦትኡ ምህላዉ ብምርግጋጽ፡ ኣብ ጉዕዞ ዝነበሩዎ ሕጽረታት ብበሊሕ ነቐፌታዊ ገምጋም ብምእራም፡ ዓቕምታት ሓይልታት ተቓውሞ ዝጥርንፍ ኣብ መሰረታዊ ፖሎቲካዊ እምነታት ዘትከለ ኣንፈት ክኸተል ከምዝግባእ ኣነጺሩ ብምቕማጥ ንተግባራውነቱ ተዋፊሩ ኣሎ። ዓቕሚ ተቓዋማይ ሓፋሽ ህዝብታትናን ሓይልታት ተቓውሞን ኣብ ሓባራዊ እምነታት ዝጥርንፍ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ተታሒዙ ዘሎ ዓብይ መደብ ንምዕዋት፡ ብዓቕሙ ክጽዕት ወሲኑ ኣሎ። ኣብ መስርሕ ምድላው ሰፊሕ ዋዕላ እናተራእዩ ዝመጹን ዘለዉን ሕጽረታት ንምእራምን ዕዉት ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ምእንቲ ክንበቅዕ፡ ብመንፈስ ምክብባርን ምድምማጽን ምቅላስ ከምዘድልን፡ ንምርሕሓቕን ግርጭታትን ዘዕሙቑ ኣንፈታት ንምውጋድ ተወሃሂድና ክንቃለስ፡ ብምኽንያት እዚ ክቡር ዕለት መዓልቲ ነጻነትና ንመላእ ውጹዓት ህዝብታትናን ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራን መጸዋዕትኡ የመሓላልፍ።

ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ዕለት መዓልቲ ነጻነትና፡ ንመላእ ህዝብታት ኤርትራ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ፡ ነካይዶ ዘሎና ዲሞክራስያዊ ተጋድሎ፡ ነቶም ዝተጠለሙ መሰረታዊ ዕላማታት ሰውራና ዘዐውት፡ ሕድሪ ሰማእታትና ዘዕቑብ፡ ንህያው-ትርጉም ነጻነትናን ልኡላዊ ክብርታትናን ዝጣበቕ ክኸውን ምእንቲ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብውሕሉልን ዝተወደበን ኣገባብ፡ ብተወፋይነት ክንቃለስ ይግባእ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ንመሰረታዊ ረብሓታት ህዝብታትና ዘዕቑብ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታት ሰውራና ንምዕዋት፡ ኣብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤኡ ዝሓንጸጾም ዕማማትን ዘመሓላለፎም ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን  ንምትግባር፡ ኣበርቲዑ ከም ዝቃለስ ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ዕለት መዓልቲ ነጻነትና 24 ግንቦት ደጊሙ ቃል ይኣቱ፡፡

24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነትና ንዘልኣለም ተኸቢራ ትንበር!!
ዝኸርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት
ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)
24 ግንቦት 2010